ስርዓት ህግደፍ 19 ምልሻ ኣሲሩ።

Tuesday, 30 December 2008

ስርዓት ህግደፍ ነቲ ሓረስቶት ዘፍረዩዎ እኽሊ ናብ ቆፎኦም ከየእትዉ፡ ከይሸጡን ከይልውጡን ንምእጋድ ዘውጽኦ ግጉይ ፖሊሲ ንዝተቓወሙ 19 ምልሻ ኣብ ማይድማ ቤት ማእሰርቲ ስርሒት ሰለስተ ሓይሩዎም ከምዘሎ ምንጭታት ኣሰና ካብ ኤርትራ ሓቢሮም።

እቶም ምልሻ ኣብ ከባቢ ዑበል፡ ማይላም፡ ሻምብቆ ከባቢ ተኾምብያ ዝዓዶም ከኾኑ ከለዉ፡ ቅድሚ ኣርባዕተ መዓልቲ እዮም ተኣሲሮም።

እቲ ስርዓት ብኸምዚ ዝኣመሰለ ህዝባዊ ተቓውሞታት ስለዝሰግአ ዕጥቂ ምልሻታት የወርድ ከምዘሎ እቲ ሓበሬታ ብተወሳኺ ኣረዲኡ።

ስርዓት ህግደፍ፡ ሓረስቶት ነቲ ዘፍረዩዎ ምህርቲ-እኽሊ ኣብ ግራቱ ኸሎ ናብ ኢዱ ከረክቡዎ ዘመሓላለፎ ስግንጢራዊ ትእዛዝ ተቐባልነት ኣይረኸበን። በዚ ምኽንያት ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ሃገርና ተቓውሞታት የጋጥሞ ከምዘሎ ኹኣ ይፍለጥ።